# ፳፬ ኅዳር/መሽወትሪ ፳፻፲፭/
## 03 Dec 2022
# ከድናር ሸሸረማ

ብሪጃር ጃብ ሰቻኾ፡ ብሪጃርሲ ደኵሶ መንደርታኾ፡ ቅሸስ ልኳ ቃበብኪ ዓየሻኾ፡ ሥኻ ኣዋይንድ እንቶ፡ ለቢልድ ደኤንዳኾና፡ ይና ሰላምር ዕል ኣኻኾ ይናደራ ኢየሱስ ክርስቶስ፡



ለበከድ ሓስብኖ፡ ኣብ ጋብነ ድኈግናኾ ኒበከት፡ መላኢከት ሻትካን ሓመድኖ ገረሰገናኾ፡ እና ግርጋ ኒል ሚመር ከድናሩኾ፡መላኢከትድ ልኳ እውስትጋኾሲ፡ይነድ ሓራሙድ ናንድ እውስትሮ ኣጀዳኾ ጃር ክብያኾ፡ሙስስተኾ ኣኽኒ።

❖ናውክ ክርስቶስ ደንቢ እንሻቅሰው፣ከድ ክርስቶስሩ እን ክርስቶስ እሰኾ ደኣንሲ ናዳለቱሲ ገእሰው ግን።

⇨ ነን ከወልድ - ከውድ የመምሰው ግን።

ከው ይስተው ጪዋ ግን፣ → ቤክስታን ልሻንዲ፡- ንርትልድ፣ ጊም፣ መእኰቱኾ፣ ከዳ፣ ፉፍዳ ቍምስና ግን፣ → ቤክስታን ኣክነኩን።

ከዳ-ጪዊል መሀድሶ፣ ቍምስኒል ለገዱ፡ጃርድ ወሰይሳኾ ግን፣ እና ጪዋ - ቍምስና ይስትረሪ-ዓባብድ ዲባ-ጃሩ ይስተኵ። ንድኻ ከዳ <u>ከወልድ</u> = <u>ከውድ</u> ንሽቅናርሊ ወሰሰይሰኵ።

ዲባጃሩልድ ዲባጃሩውድ

ከድ፥

- ቍምስና ጋርድ ካያ የመምሰው
- ማሕበርድ ቀጠምሶ፥-ገፍዳ ናማሕበር ስታትድ፣ ገፍዳ ከድናር መድድ፣ እንሻቅሰው ግን፥

እና ንኪ ገውርናኹ፣እና ለጛ ደርብድ እንሻቅስሮ ወሰያኹ ግን። ከደሰና ደኤን ኒከወውል ተብዕሮ፥ ማሕበርኹሪሰና ስታት ማሕበሩሊ ተውህሮ፥



ንድኻ ከድናር ንሽቅርናር ግራ ሲመር ኣኽላ። ቀራንዮትል እን ኣደሪሰና - ኣሪውድ ደአን መታን በደይስና ግን።

እና ተባኹ ድንጊል ሰባተትድ ደውይቶ ኒትክ ባርቶ ቀስብ ኣኰኵ። ባረጋኹ ከዳ ኣኽሮ ገረሰላ፣ ኣከሻር ደምዕደላ ንድኻ፣ ከዳ ዲባ ጃሩውድ ካብስተገን ኒቱ እሰው ሻኽላ፣ ሙሴርሰና ኒከዋ መታን፣ ሰደቀድዲ፣ ሺዋንዲ ስኩሳኹ ግን።

ሙሴ ኒናንትሲ ክብሰ ሺዉ ገረሮሰና፣ ኣሮንድ ሁርዲ - ላውዲ ሸንገብዲሲ ኣኽኖ ሙሴር ናንትሲ ደገፉኑ እርግኑኹ፣ እና ካበና ንድኻ ሙሴር ሺዋን ዋስስቱኹ። ዘጸ.17፣12 ቂልስግኒ ሺዊኖ - እኺሪራ ካበና ጀረብደኰ፣ ምናዳ፣ ከዳ ይናመታን መንበረ ታቦትል ሺዉ፣ ንድ ሰበትድ ከድናር እንተልድ - እንተድ ኣኽነዲን እንታ ካበና እንገት ኣከላ።

ሺዋንድ ካቢትኖሉ፣ መንፈስድ ጭምዊትጊን ኒዲ ሺዋንሊ ዓገልትኖ፣ ጃሩ ኣኽድኖ ኣርስትኖ፣ ጨበርስደነኰ።

ንድኻ ዲባ-ጃሩዲ፣ ከድዲ፣ ላገሽ፣ ሸታከትል ገንደለነኰ። ሻትክ ዲቢልዳ ሸታከት ጅብረኰ፣ እና ግርጋ ኒን ሸታከት ግርጋ፣ ሸታከትል መርሐው ኣርናኹ ኣኽነዲን፣

ፚይ - ዋልደን - ናኹረስ ጃርድ ወሰየው

- ኒገዳም - ደለምዶ ጠፍሕደው፣
- ናውክ ኒፈኮሲክ - ሓመደኩን።

ኒ-ከድናር - መልከጽድቅር ከድናርሰና ሃቢኒት፣
ኒክል ጃበር ካህናታ ታል ሻካኸ ኣኽኒ፣
ይነዳ ገድ - ኒዳ ሽታከት ተመነተነኩንሉ፣
ኪዳ ግርጊኸ፡ዓለት በካያትድ ዕልብ ታምሙኸ ኣኽን ይነት፡

ብጸጋ እግዚኣብሔርን ብኣልድነት ቅ.ጴጥሮስን፣ብረድኤት ቅ.ድንግል ማርያምን፡ ናይ ቤተክርስትያን ዓቢይ ምሥጢር ክንፍጽም ኣብዚ ንርከብ ኣሎና። እዚ ምሥጢር ኣምላኽ ኣብሪህሎም ነዚ ሕይወት'ዚ ክለብሱን ክነብርዎን ድላዮም ንዝገልጹ ዝወሃብ፣ ምሥጢረ ክህነት እዩ፣ ነዚ ዓቢይ ምሥጢር ቤተ ክርስትያን ክነልብሶም በቲ ባዕሉ ጸዋዕን ቀዳስን ዝኾነ ናይ መድሓኒና ኢየሱስ መሥዋዕተ ቅዳሴ ንፍልሞ ኣሎና።



ካህን ክበሃል ከሎ ከም ዝደለዮ ገቢሩ ኣባላቱ ዝሕዝን ዜስፍሕን፣ ንሓደ ናይ ሰባት እኽብካብ ወይ ማኅበር ዝመርሕ ሰብ ኣይኮነን። ኣምላኽ ናብ ሕዝቡ ዝለኣኾ መልእኽተኛ እዩ። ነቲ ሕዝቢ ናብ ኣምላኽ ክመርሖ እዩ፡ ድላይ ለኣኺኡ፣ በዚ ኣገባብዚ ኣብ መንጎ ሰባት ሓቀይናን ግቡእን ዝኾነ ኀብረትን ሱታፌ- ሓድሕድን የማዕብል።

ስለዚ ካህን እቲ ሓዋ.ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ እንክጽሕፍ ዝበሎ፡

| | |
|---|---|
| “ወአንተሰ ብእሴ እግዚአብሔር ጕየይ እምዝ፤ ወዴግን ጽድቀ ወምሂረ ሃይማኖት ወተፋቅሮ ወትዕግሥተ ወትሕትና፡ ተጋደል ሠናየ ገድለ በሃይማኖት፤ ወተመጥዎ ሕይወት ዘለዓለም ዘሎቱ ተጸዋዕከ...”(፩ ጢሞ ፮፡ ፲፩) | “ንስኻ ግና ኣንታ ናይ ኣምላኽ ሰብ ካብዚ ኩሉ ህደም፤ ደድሕሪ ጽድቅን መንፈሳውነትን እምነትን ፍቅርን ትዕግሥትን ሕያውነትን ሰዓብ፤ ጽቡቅ ናይ እምነት ገድሊ ተጋደል፤ ነታ ተጸዋዕካላ ሕይወት ዘለዓለም ሓዛ...” |



ሓዋ.ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ "ኣንታ ናይ ኣምላኽ ሰብ" ኢሉ ጸውዖ፣ ካህን ከኣ ሎሚ "ናይ ኣምላኽ ሰብ" እዩ። እቲ "ናይ ኣምላኽ ሰብ" ዝብል ስያሜ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዓቢይ ስያሜ እዩ። እዚ ንሙሴ ዝተዋህበ (ዳግ 33፣1) ነበረ። ኣብ መዝ.90 "ጸሎተ ሙሴ "ብእሴ እግዚአብሔር" ዝብል ንረክብ፣

- ንነብያትን ልኡኻትን ዝወሃብ ዝነበረ ስም እዩ። - ኤሊ ናይ ኣምላኽ ሰብ 1ሣ 2፣27 - ሣሙኤል፣ 1፣9፣6 ሸማያህ ናብ ሮብዓም ዝተላእከ ናይ ኣምላኽ ሰብ (1kg 12²²) ዝኣመሰሉ ይርከቡ።
- ዓቢይ ናይ ክብሪ ስያሜ እዩ።

ንጢሞቴዎስ እዚ ስያሜ እንክወሃብ ብዛዕባ ድኻምነቱን ጉድልነታቱን ኣየዘኻኸሮን፣ ከምኡ እንተዝኸውን ኣነ ድኣ እንታዋይ ኮይነ ኢሉ ብተስፋ ቊርጸት መድሓርሓረ፣ ብኣንጻሩ "ናይ "ኣምላኽ ሰብ" ምኳኑ ብምግላጽ ክብረቱ ገለጸሉ። በዚ ከኣ ድኻመቱ ከይጸብጸበ፣ ኣብ ጸጋ ለኣኺኡ ተኣሚኑ በርትዐ።

በዚ ስም እዚ እንክጽውዖ፣ "ኣንታ ናይ ኣምላኽ ሰብ ካብዚ ኩሉ ኅደም... ካብ ድኽመት/ ሓጢኣት/ ዓለም.... እሞ ጻድቅ ኹን በሎ፣

እዚ በቲ ስም ዝለብሶ ቀዳማይ ሓላፍነቱ እዩ።

ጻድቅ፣ ርቱዕ ዝበሃል ግቡኡ ንኣምላኹን ንብጻዩን ዝገብር እዩ። ኣምላኽ ንኣምላኽ፡ ናይ ሰብ ከኣ፡ ንሰብ ዝገበር እዩ;ሰብ ፣ ንሰብ ቀጺሉ ከም ካልኣይ ሓላፍነት፡ ×ተ ሓይልታት ክህልዎ ይጽውዕ፡

1. ምሂረ ሃይማኖት መንፈሳውነት (ዲካዮዚነ) :- እዚ ኩሉ ናይ ሕይወት ምቅስቃስ ኮነ፣ እቲ ሕይወት ብርእሱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከም ዝንበር ዘገንዝብ ማለት'ዩ።
2. ተኣማንነት፣- (ፒስቲስ) ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ሕይወት ወላ ኣብቲ ዝጸንከረ ፈተና ሞት'ውን እንተኾነ ንኣምላኹ እሙን ዝኸውን፣
3. ፍቅሪ፣- ኣምላኽ ንደቂ ሰብ ዝገብሮ ፍቅሪ ኣጸቢቁ ዝፈልጥ፣

×ይ ሓላፍነት፣ትዕግሥቲ፣- ኣብ ጊዜ ጸገምን ስደትን ሥቃይን ብእምነት ተጻዊሩ ዝዕወት ማለቱ እዩ።

፬ይ ሓላፍነት፣ ትሕትና፣- ትሑት ምኳን ማለት ይቕረ ምባል ዝፈልጥ፡ብትሕትና ዝመላለስን ጽዋዔኡ ልዑል ኣምላኽ ምኳኑ ፈሊጡ ርእሱ ኣቕኒዑ ዝኸይድ እዩ።

ሓዋርያ ጳውሎስ ንተማሃራዪ ጢሞቴዎስ ነዘን ኣርባዕተ ሓላፍነታት ኣሰኪሙ "ኣንታ ናይ ኣምላኽ ሰብ...ኢሉ ክበድ ጸዋዕታኡን፣ ሓላፍነቱን እንክገንዘቦ፡በቲ ካልእ መዳይ ከኣ ዕብየት ሕርየቱ ገለጸሉ።

ሎሚ ከኣ ነዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ናይ ዘመንና "ጢሞቴዎስ" ክኸውን ንዝመረጸ፡ክበድን ሓላፍነት ጽዋዔ ክህነት ክነተሓስቦ፣ ነቲ ጸጋ ኣምላኽ ዝኾነ ዕብየት ሕርየት ጸዋዕታኡ ከኣ ብምስጋና ንቅበል ኣሎና።

በዚ ናይ ሎሚ ሲመተ ክህነት ንሕና "ናይ ኣምላኽ ሰብ" ረኺብና ንብል፤ እዚ ማለት "ናይ ጸሎት" ሰብ ማለት እዩ፡ ምስ ክርስቶስ ምሕዝነት ዘለዎ ካልእ-ክርስቶስ ኣብ ነፍስ ወከፍ መስዋዕተ ቅዳሴ፡

- ኣብ ምምሃር ቃል እግዚኣብሔር።
- ኣብ ምልዋጥ ኅብስትን ወይንን ከምኡ
- ኣብ መንበረ ኑዛዜ፣ ንክርስቶስ ከም ርእሰን ጓሳን ኣብ ማእከል ሕዝቡ ህልዊ ዝገበር ረኺብና፣ እዚ እዩ እቲ ዕቤት ክህነት እነስተንትኖ።

ኣብ ዓለም ብዘይ ካህን ኩሉ ጸልማት እዩ። ካህን ንሰባት ምስ ኣምላኽ ዘፍልጥ እዩ፣ ሰባት ወትሩ ንኣምላኽ ክደልይዎን ሃሰስ ክብልዎን እያቶም፣ ኣብዚ ሁመት ኣብ ማእከሎም ካህን ኣንተዘይተረኺቡ ንኣምላኽ ክረኽብዎ ኣጸጋሚ ኢዩ።

ሎሚ ዓለም ብተኽኒክ ማዕቢላ፡ ኣምላኽ ኮነ ካህን ኣየድልየኒን ኣብ እትብለሉ ዘላ ጊዜ'ውን ከይተረረፈ፡ እኳ ደኣ ሎሚ ብዝያዳ ካህናት የድልይዋ ምኳኖም ንገንዘብ።

እዚ ሎሚ ኣኪቡና ዘሎ ምኽንያት ነዚ የረጋግጽ። እሞ ንተሰያሚ ክህነት ዝጽበዮ ተልእኾ ከቢድ ተወፋይነትን፣መሥዋዕትን፣ዝሓትት ብምኳኑ ኣምላኽ ኣካእሎ ክህቦ ብጸሎት ክነሰንዮ።

- ንዝቕረቡ
- ወለዲ
- ንዝኰስኰሱ

- መማህራን
- ንዝዕበየ
- ገዳም
- ንዝተኸናኸነ ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ንገበርቲ ሠናይ ንኹሎም ጻምኦም ይሃቦም እናበልኩ ምስጋናይ ኣቅርብ። ንሓዲስ ካህን፣ክህነት አሮን ወሙሴ ይግበርሉ.....
  አቡነ ዘበሰማያት...

\+ ኣባ ኪዳነ የዕብዮ
ጳጳስ መንበር ከረን